መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# መብጽዓ እግዚኣብሄር ንኣብርሃም



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Byron Unger; Lazarus
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ M. Maillot; Tammy S.

ትርጉም ፥ ሰላም ተወልደ

ኣባዛሒ:- Bible for Children
www.M1914.org

©2022 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣



ኮነ ድማ ድሕሪ ማይ ኣይሂ ሰባት ኣብ ምድሪ ሓደ መደብ ሓሰቡ። ሰማይ ዘጠንኩር ግንቢ ንስራሕ ስምና ከኣ ነጸውዕ ተበሃሃሉ ፡


'ንዘልኣለም ዉን ብ ሓደ
ንንበር'። ኩሎም ድማ
ሓደ ቋንቋ ይዛረቡ ነበሩ።



እግዚኣብሄር ን ኣብ ኩሉ ዓለም ዘሎ ህዝቢ ከምቲ
ንሱ ዝፈጠሮ ክኾኑ ኢዩ ዝደሊ። ስለዚ
ድማ ሓደ ዘደንቅ ነገር ገበረ። ሃንደበት
ኩሎም በበይኑ ቋንቋ ኪዛረቡ
ጀመሩ። ግዚኣብሄር
ንኹሎም
ሓዲሽ
ቋንቋታት
ሃቦም።

እቶም ሓደ ዓይነት ቋንቋ ዚዛረቡ ሰባት ብሓደ
ተፈለዩ። ምናልባት ሰባት እቶም ካልኦት ስለ
ዘይርድእዎም ፈሪሖም ይኾኑ። በዚ ናይ እግዚኣብሄር
ኣገባብ



ድማ ሰባት ናብ
ዚተፈላለዩ ሃገራት
መልእዎ።

እታ ዝገደፍዋ ከተማ ድማ ባቤል ተባህለ ትርጉሙ ድማ ፋሕ ፋሕ በለ ማለት እዩ።



ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት እግዚኣብሄር ኣብ ምድሪ ካራን ንኣብራም ዝብሃል ሰብኣይ ተዛረቦ " ነዛ ምድሪ ገዲፍካ ናብቲ ኣነ ዘርእየካ ምድሪ ኪድ" ድማ በሎ።



ኣብራም ድማ ተኣዘዘ። እግዚኣብሄር ናብ ምድሪ ከንኣን መርሖ ። ሰበይቱ ሳራይን ወዲ ሓፍቱ ሎጥን ድማ ምስኡ ከዱ።



ኣብ ከንኣን ኣብራምን ሎጥን ኣዚዮም ሃብታማት ኮኑ። ኣዚየን ብዙሓት ኣሓ ድማ ነበርኦም። ብዙሕ ነተን እንስሳታት ዝኸውን መግቢ ግን ኣይነበረን።



እቶም ጓሶት ናይ ሎጥ ድማ ምስ ጓሶት ኣብራም ተበኣሱ። "ብዙሕ ዘባእስ የብልናን ።" ኣብራም በለ "ክንፈላለ ኣለና ። መጀመርታ ግን ትደሊዮ ቦታ ንስኻ ምረጽ በሎ።"



ሎጥ ድማ ኣዚዩ ብዙሕ ሳዕሪ ዘለዎ ልሙዕ ቦታ
ዘለዎ ከተማ መረጸ። ንምርኣዩ ጽቡቕ ቦታ
ኢዩ ፡ግን እቲ ከተማ ብዙሕ ሓጥኣት
ዝገብሩ ህዝቢ ነበሩዋ።



ድሕሪ ሎጥ ምኻዱ ፥እግዚኣብሄር ን ኣብርሃም ደጊሙ ተዛረቦ " ከንኣን ንዓኻን ንዘርእኻን ንዘልኣለም ኽህበካ" እየ በሎ።





ኣብራምን ሳራይን ግን ዉሉድ
ኣይነበሮምን ፡ ከመይ ጌሩ እዩ
እግዚኣብሄር ነዚ ዓቢ መብጽዕዑ
ክፍጽሞ?



ሰለስተ ሰብኡት ድማ ናብ
ቤት ኣብራምን ሳራይን መጹ። ሳራይ
ድማ ሰሓቐት። ነቲ ቃል ምእማኑ ሰኣነት፥




ጓል 90 ዓመት ኮይና ነበረት።

ኣብ ቀረባ ጊዜ ህጻን ክትወልዱ ኢኹም በልዎም።

እግዚኣብሄር ድማ በሎም ሎሚ ኣብራም ...



... ዘይኮነ ኣብርሃም ማለት'ኣቦ ቡዙሓት' ተባሂልካ ክትስመ ኢካ ፡ ሳራይ ድማ ሳራ ማለት 'ንግስቲ' ተባሂላ ኪትስመ ኢያ በሎ።



እግዚኣብሄር መሊሱ ንኣብርሃም በሎ ነተን ክልተ ሓጥያት ዝገብራ ዝነበራ ከተማታት ሰዶምን ጎመራን ከጥፍአን እየ በሎ። ደቂ ሓዉ ንኣብርሃም ምስ ስድራቤቶም ግን ኣብ ሰዶም ኢዮም ዝቕመጡ ዝነበሩ።

ሎጥ ነቲ ናይ
እግዚኣብሄር
መጠንቀቕታ ምስ
መጸ ተቐበሎ፥ እቲ
ዘሕዝን ግና!
ሰብኡተን ንደቁ
ፈጺሞም
ኣይተቀበሉዎን፡



ሎጥን እተን ክልተ ደቁን ድማ ካብቲ ጉሁር ሓዊ ሃደሙ። ብርቱዕ ሓዊን መብረቕን ድማ ናብታ ከተማ ወደቐ። ዘሕዝን ነገር ሰበይቱ ን ሎጥ ነቲ ትእዛዝ እግዚኣብሄር ስለ ዘይተኣዘዘት።



ንድሕሪት ገጻ ቁሊሕ በለት
እሞ ዓንዲ ጨው ኮይና ተረፈት።



እግዚኣብሄር ን
ኣብርሃምን ሳራን
ዝበሎም ቃል
ፈጸምሎም።
ከምቲ
እግዟብሄር
ዝበሎ ኣብ
እርጋኖም ዉሉድ
ሃቦም። ይስሓቅ ምስ
ተወልደ ድማ ኣዚዮም
ተሓጎሱን ሰሓቁ!




ብዘይካ እዚ፡
እግዚኣብሄር ንኣብርሃም
ከንኣን ንዕውን ንደቁን
ንዘለኣለም ከም ዝህቦ
ነጊሩዎ ኔሩ ኢዩ።
ሕጂ
እዉን
እግዚኣብሄር
ንመብጽዕው
ኪፍጽሞ ኢዩ፡ ...

... ምክንያቱ
እግዚኣብሄር ኩሉ
ግዜ ዝሃቦ መብጽዓ
ዝፍጽም ስለ ዝኾነ።



መብጽዓ እግዚኣብሄር ንኣብርሃም

ዘንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዘፍጥረት 11-21

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ
መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!

“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3፡16